kanton glarus

**Opferberatungsstelle**
**des Kantons Glarus**
Bahnhofstrasse 13
8762 Schwanden

Telefon: 055 646 67 36
E-Mail: opferberatung@gl.ch
www.gl.ch

opferhilfe-schweiz.ch
aiuto-alle-vittime.ch
aide-aux-victimes.ch

# ኣብ ሕጊ ሓገዝ ግዳያት ዝተመርኮሰ ሓበሬታ ብዛዕባ መተካእታን ካሕሳን

## ሓፈሻዊ ቅድመ ኩነት

ዝኾነ ቅድመ ኩነት ምስዝማላእ ሓደ ግዳይን ቤትሰቡን ብምኽንያት ናይቲ ዘጓነፈ ኣካላዊ ወይ ሰነኣእምሮኣዊ ማህሰይቲ: ጾታዊ ገበን ወይ ሞት: መሰል ናይ ካሕሳ ኣለዎም:: ከምኡውን ዝኾነ ቅድመ ኩነት ምስዝማላእን እቲ ክብደት ናይቲ ዘስዕበልካ ጉድኣት (ማህሰይቲ) ካሕሳ ዘሕትት ምስዝኸውን መሰል ናይ ካሕሳ ኣለዎም:: ነፍስ ወከፍ ካንቶን ነዚ ዝምልከት ኣሳላጢ ኣካል ኣለዎ:: ካሕሳ ወይ መተካእታ (ወይ ክልቲኡ) ምሕታት ምስ ምኽሳስ ዝተኣሳሰረ ኣይኮነን:: እቲ ካሕሳ ካብቲ ገበን ዝፈጸመ ሰብ ወይ ካብ ናቱ መድሕን ክኽፈል ይግባእ. ዘባዊ ኣሳላጢ ኣካል ነዚ ንኽሳልጥ ይሰርሕ::

ኣገልግሎት ምኽሪ ግዳያት ነዚ ዝምልከት ንኽተጻርዩን ወይ ናይ ካሕሳ መሰልኩም ንኽትሓቱን ይሕግዘኩም:: ውልቃዊ ዝርርብ ብምኽያድ ከነማኽረኩም ቁሩባት ኢና::

ኣገደስቲ ሓበሬታታት ኣብዚ ዝስዕብ ክትረኽቡ ትኽእሉ፡-

## መተካእታ

ብመሰረት ሕጊ ሓገዝ ግዳያት ዝውሃብ መተካእታ ነቲ ብሰንኪ እቲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ዘጓነፈ ናይ ነገራት ክሳራ ይሸፍን:: እዚ ናይ ስራሕ ክሳራ: ኣላይኻ ምኽሳር: ናይ ቀብሪ ወጻኢታትን ካብ ምስላጥ ናይ ገዛ ስራሕ ምብኳርን ይጥርንፍ:: ናይ ንብረትን ሃብትን ዕንወት ካብዚ ወጻኢ እዩ::

ዝኾነ ቅድመ ኩነት ምስዝማላእ ካሕሳ ኣቕዲሙ ንኽተሓላለፈልካ ክሕተት ይክኣል እዩ:: መሰል ካሕሳ ናይ ግዳያት ምስ ኩነታት ገንዘብ (ፋይናንስ) ናይቲ ግዳይ ዝተኣሳሰረ እዩ::

## ካሕሳ

ካሕሳ ነቲ ብሰንኪ እቲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ዝመጸ ንነገራዊ ዘይኮነ ማህሰይቲ ይሸፍን (ካሕሳ ናይቲ ዘሕለፍካዮ ቃንዛ/ጓሂ):: እዚ ካሕሳ ምስ ኩነታት ገንዘብ (ፋይናንስ) ናይቲ ግዳይ ዝተኣሳሰረ ኣይኮነን:: ብሰንኪ እቲ ዝተፈጸመ ገበን እቲ ማህሰይቲ/ክሳራ ከቢድ ምስዝኸውን: ሕቶ ናይ ካሕሳ ክቐርብ ይኽእል:: ነኣብነት እዞም ዝስዕቡ ነገራት ክኾኑ ይኽእሉ፡-

- ስነኣእምሮኣዊ ማህሰይቲ ዘስዕብ ጾታዊ ገበን
- ከቢድ ሳዕቤን ዘለዎ ወይ ነዊሕ ናይ ምሕዋይ ግዜ ዝወስድ ከቢድ ኣካላዊ መጉዳእቲ
- ሞት ምስዘጓንፍ ነቶም ቤተሰብ ዝምልከት ካሕሳ
- ከቢድ ሰነኣእምሮኣዊ ማህሰይትን ኣብ ምክያድ መዓልታዊ ናብራ ድሩትነት ዘስዕብ ጹዑቕ ግፍዒ

20. Juli 2020

**ገደብ ግዜ**

ሕቶ ናይ መተካእታን ካሕሳን **ኣብ ውሽጢ 5 ዓመት** ድሕሪ እቲ ገበን ምፍጻሙ ክቐርብ ኣለዎ:: እዚ ናይ 5 ዓመት ገደብ ግዜ ካብ ዕለት 01.01.2007 ንዘጓነፉ ገበናት ይምልከት:: ቅድሚ እዚ ዕለት ናይ ዘጓነፉ ገበናት ናይ ካሕሳ ምሕታት ገደብ ግዜ ወዲቑ እዩ:: ፍሉይ ሕጋጋት ምስዝግበር ግን እቲ ዝምልከቶ ኣካል ይውስን:: ብዛዕባ እቲ መስርሕ (ወይ ስጉምትታት) ክነማኽረኩም ቁሩባት ኢና::

ነዚ ዝምልከቱ ሕቶታት ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክቐርቡ ይግባእ፡-

Departement Volkswirtschaft und Inneres
Opferhilfe
Zwinglistrasse 6
8750 Glarus

**መረጋገጺ**

ትካል ሓጋዚ ግዳያት ናይ ካንቶን ግላሩስ ብዛዕባ ኣብ ሕጊ ሓገዝ ግዳያት ዝተመርኮሰ መሰለይ ብዛዕባ መተካእታን ካሕሳን ሓቢሩኒ ምኺኑ የረጋግጽ::

ዕለት: ፈርማ:

____________________________ ____________________________

20. Juli 2020